## ዋና ዝሰኣነ ህዝቢ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
## 27.03.2005

ሱዳን፡ እታ ዝበዝሑ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝርከቡላ ሃገር ምዃና ዝፍለጥ ኢዩ። ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናብ ብርክት ዝበለ ተቐማጦ ዘለወን መደበራት ስደተኛታት ዑደት ኣካይዱ። ኣብዚ ዑደትዚ፡ ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ምስ ሽማግለታት ስደተኛታትን ዓበይቲ ዓድን ኮፍ ብምባል ብቐረባ ሃለዋቶም ዝገልጽ ዝርዝር ሓበሬታታት ካብ ዋናታት ናይቲ ጉዳይ ሰሚዑ። ኣዝዩ መሪርን ንሕልናኻ ዝትንክፍን ኣሰቓቒ ዝኾነ ሃለዋት ኢዩ።

ኣብዚ ዝርርብዚ፡ ኵነታት ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሱዳን ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ እናኸፍአ ከምዝኸደ ኢና ክንርዳእ ክኢልና። ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (UNHCR) ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ሓራ ስለዝወጸት፡ ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ክምለሱ ኣለዎም ዝብል ዝኾነ ይኹን መጽናዕቲ ዘይተገብረሉ ውሳኔ ምሕላፉ ዝዝከር ኢዩ። ብመሰረትዚ ውሳኔዚ፡ እቲ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ዝውሃብ ዝነበረ ደገፍ ኣብ ኵሉ መዳያት ክንኪ ተራእዩ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ እተኸተሎ ፖሊሲታት ንስደተኛታት ናብ ሃገሮም ንኽምለሱ ዘተባብዕ ኣይነበረን፡ ሕጂ ውን ዘተባብዕ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ፡ በሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት፡ ሃገሮም ገዲፎም ክስደዱ እናረኣኻ፡ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ዘይከኣልዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣይሕሰብን ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሱዳን ሓዲግ ሰማይን ሓዲግ ምድርን ኰይኖም ኢዮም ተሪፎም።

“ናይ ዑቑባ ዝግብኦምን ዘይግብኦምን መስርሕ ምጽራይ ብኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ድሕሪ ምጅማሩ ኵነታትና እናበኣሰ ከይዱ። ብቐዳምነት እቲ ምጽራይ ፍትሓዊ ኣይነበረን። ንወላዲ ተቐቢሉ ንውሉድ ዝነጽግ፤ ንሰብኣይ ተቐቢሉ ንሰበይቲ ዝነጽግ፤ ንሓው ወይ ሓውቲ ካብ ኣሕዋቱን ኣሓቱን ዝፈሊ ኢዩ ነይሩ። ብድሕርዚ ነቶም ናይ ዑቑባ ተቐባልነት ዝረኸብና፡ ኣብ ሓደ መዓስከር ክንእከብ ኣገደዱና። ሓውይ፡ ሓውተይ፡ ወላድየይ ውሉደይ ኣይገድፍን ኢየ ዝበለ ድማ፡ ልክዕ ከምቶም ተቐባልነት ዘይረኸቡ ስደተኛታት ዝውሃቦ ዝነበረ ረዲኤት ፈጺሙ ደው ከምዝብል ተገብረ። ንዓሰርተታት ዓ መታት ዝሓረስናዮ መሬት፡ ቅቡላት ኣይኮንኩምን ብዝብል ምኽንያት ኣግዲፎምና። ሕክምና፡ ትምህርቲ ...ወዘተ ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት ኣይንረክብን ኢና” ክብሉ ንሃለዋቶም ብምረት ይገልጹ።

“እዚ ጥራሕ ውን ኣይኮነን፡ እቶም ቅቡላት እተባሃልና ስደተኛታት እንተኾና ውን፡ ዝውሃበና ዘሎ ሓገዝ ሓደ ርብዒ ናይቲ ቀደም ዝውሃበና ዝነበረ ኣይከውንን ኢዩ። በዚ ከኣ፡ ደቅና ከነዐቢ እዚ ዘይብሃል ጸገም ኢዩ ዘጋጥመና ዘሎ። እቶም ግዜ ድሓን እንከሎ ተማሂሮም 12 ዝወድኡ ደቅና፡ ትምህርቶም ክቕጽሉ ዝኽእልሉ ኵነታት የለን። ስለዝኾነ፡ ስራሕ ኣልቦ ኰይኖም ምሳና ኮፍ ኢሎም ኣለዉ። ናይቶም ንኣሽቱሞ ዝዝረቦ ኣይኮነን። ዕድለኛ እንተተባሂሉ ኣብ መዓልቲ ሓንቲ ሰዓት ጥራሕ ኢዩ ዝመሃር። ንጥራዝ፡ ንርሳስ ዝኸውን ገንዘብ ካበይ ይምጻእ?! ኣብዚ ኵነታትዚ ደው ዝብል መምህር ካበይ ይረኸብ??!! ሓሚምና እንሕከመሉ ክሊኒክ ይኹን እንረኽቦ መድሃኒት የብልናን። መንዩ ዋናና? መንዩ ሓላፍነትና ዝስከም? ናብ መን ኢናኸ ነእዊ??? ዝኾነ ኽዋኝ (ወጻእተኛ) ክመጽእ እንከሎ፡ ጸገማትና ብዝርዝር ኢና ንገልጸሉ። ክሳዕ ሕጂ ግን ዝኾነ

ይኹን ፍታሕ ኣይተገብረልናን” ክብሉ ኵነታቶም ክጽወር ኣብ ዘይክእል ደረጃ በጺሑ ከምዝርከብ ይሕብሩ።

ኣብ መደበር ኡምጉርጉር ዘለዉ ድማ ብፍላይ፡ ናይ ማይ ጸገም ከምዘለዎም ኢዮም ዝገልጹ። ኣብዚ መደበርዚ፡ ዒላታት የለን። ማይ፡ ካብ ሓጽቢ ናይ ግርባ ብቡምባ ኢዩ ዝመጾም። “እንተኾነ ግን፡ ነቲ ጀነረይተር ዝኸውን ነዳዲ የለን ስለዝበሃል ካብ እንሰትየሉ፡ ዘይንሰትየሉ ግዜ ይበዝሕ። ማይ ንኽልተ በርሚል 4 ሽሕ ጅኔ ኢዩ። እዚ ካበይ ይረኸብ? እታ ጀነረይተር እንተደኣ ተሰይራ ከኣሞ ኣብ ምንታይ ሽግር ከምእንወድቕ ትስሕትዎ ኣይመስለንን” ይብሉ።

“እቶም ናይ ዑቕባ ተቐባልነት ዝረኸብና ሓደ ሲሶ ናይቲ ስደተኛ ኢና ንኸውን። እቶም ክልተ-ሲሶ ዝኾኑ ግን ተቐባልነት ኣይረኸቡን። ንልዕሊ 20 ወይ 30 ዓመታት ኣብ ስደት ዝጸናሕና ኤርትራውያን ኣይቅቡላትን ኢኹም ኢሎምና። ትማሊ ትማሊ ንዝመጹ ክቕበሉ ክትርኢ ከሎኻ ድማ ይድንጽወካ። ኣሰራርሓኦም ፈጺሙ ኣይተረድኣናን። ቅድም ዝውሃበና ዝነበረ ሓገዛት እናነከይዎ ክኸዱ ድሕሪ ምጽናሕ፤ ሕጂ፡ እቲ ንዓሰርተታት ዓ መታት ክንሓርሶ ዝጸናሕና መሬት ኣግዲፎም ኣብ ጥራይ ጐልጐል ደርብዮምና ኣለዉ። ዝሰምዓኩም እንተልዩ ኣውያትና ኣብጽሑልና” ዝብል ከቢድ ሓላፍነት ውን ኣሰከሙና።

ብርግጽ፡ ክትሰምዖ ዘሻቕልን ዘቐንዙን ሃለዋት ኢዩ። እዚ ሃለዋትዚ፡ ምስቲ ብሙቐት ጽሓይ ዝቐምሰለ ከናፍሮም፡ ብጥሜት ዝማሰነ ሰውነቶም ኣዛሚድካ ክትርእዮ እንከሎኻ፡ ብዙሕ ስምዒታት ኢዩ ዝፈጥረልካ። ሃብታም እንተዝኸውን ነይረ፡ ገለ ምገበርኩሎም ዝብል ሓሳብ ይመጸካ። ሃብታም ስለዘይኮንካ ግን፡ ትገብሮ ትስእን እሞ ምስ ሕልናኻ ክትበኣስ ትግደድ።

ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ብሓፈሻ፡ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ድማ ብፍላይ፡ ብመሰረት ንስደተኛታት ዝምልከት ቻርተርን ስምምዓትን ሕግታትን ሓላፍነቱ ክስከም ድልውነት የብሉን። ስርዓት ኢሳያስ፡ ናይ ዜጋታቱ ሓላፍነት ክስከም ዝኽእል ስርዓት ኣይኮነን። ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፉ መድረኻት ኣብ ሕድሕድ ምስሕሓብን ምውጣጥን ስለዝጸንሑ ንጸገማት ናይ ስደተኛታት ብግቡእ ከቃልሑ ከይከኣሉ ኢዮም ጸኒሖም። ስለዚ፡ ነዚ መንዩ ዋናና ዝብል ሕቶ መን ይመልሶ?

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ንጉዳይ  ስደተኛታት ብዝምልከት ዝሓንጸጾ ፖለቲካዊ ውሳኔ፡ “ንስደተኛታት ኤርትራውያን ዘጋጥሞም ዘሎ ዝተፈላለየ ጸገማት ኣብ ግምት ብምእታው፤ ስቅያቶም ንምቅላልን ነቲ ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማት ንምስጋርን ዘኽእሎም መሰላት ንክሕለወሎም ኵሉ ዝከኣሎ ክገብር ምዃኑ የረጋግጽ” ዝብል ኢዩ። ካብዚ ብምብጋስ፡ ነፍስወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘሕልፍዎ ዘለዉ መሪር ሃለዋት ተረዲኡ፡ ሽግራቶም ንምቅላል ካብኡ ዝጽበ እጃም ከበርክት ነተሓሳስብ። ብርዒ ዘለዎ ብብርዑ፡ ፍልጠትን ዝምድናን ዘለዎ ብፍልጠቱን ዝምድናኡን፡ ገንዘብ ዘለዎ ብገንዘቡ ንሽግራት ናይ ስደተኛታት ከቃልል ክብገስ ይግብኦ። ናይ ስደተኛታት ማሕበር ብምምስራት፡ ሰላማዊ ሰልፍታት ብምክያድ፡ መዘክራት ብምጽሓፍ፡ ብቃል ብስእሊ ብጽሑፍ ስቅያት ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ኣእዛን ኮሚሽን ስደተኛታትን ናይ ረዲኤት ማሕበራትን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ከነብጽሕ ሃገራውን ዜግነታውን ሰብኣውን ሓላፍነትና ምዃኑ ክንዝንግዕ ኣይግባእን። ንሕና ዘይሓለናሎም፡ ካልኦት ክሓልይሎም ክንጽበ የብልናን። ዋናታቶም ንሕና ብፍላይ እቶም ኣብ መሰል ወዲ ሰብ ዝኽበረሉ ሃገራት ዘሎና ኤርትራውያን ኢና። ካልእ ዋና የብሎምን። ንዘሎና መሰላት ተጠቒምና ንስደተኛታትና ክንጣበቐሎምን ኣውያቶም ከነሰምዕን ሓላፍነትና ምዃኑ ክንዝንግዕ ኣይግባእን።